ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ኣክሱም ኣብ በጀት ዓመት 2011ዓ/ም ንኣገልግሎት ኣብያት ፅሕፈት ዝዉዕሉ ዝተፈላለዩ መሳርሒ ፅሕፈት፣ ኣቅሑ ኤሌክትሮኒክስ፣ ሳይክልን ናይ ሳይክልን ኣቅሑ፣ ሞተር ሳይክልን ናይ ሞተር ሳይክልን መለዋወጢ ፣ ስራሕቲ ሕትመት፣ ኣቅሑት ህንፃ፣ ደንቢ ክዳን፣ ናይ ፅሬት ኣቁትን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ መጋቢት 12, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 27, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢሎቱ ዝተፈላለየ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 27, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/ ዕድጊት ሞተርሳይክል/ ጨርቃ መርቂን ኣልባሳትን/

ነዞም ዝስዕቡ ረቋሒታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

1 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሐደሰ ኣግባብነት ዘለዎ ፍቃድ ንግዲ ዘቅርብ፤

2 ናይ ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት መለለይ ካርድ ዘቅርብ፤

3 ወረቀት መለለይ ምስክር ከፈልቲ ግብሪ ዘለዎ፤

4 ናይ ወርሒ ለካቲት 2011 ዓ/ም ሒሳብ ዘፍለጠሉ መረዳእታ ዘቅርብ ተጫረቲ ዘይምለስ 100.00 ቅርሺ እናከፈለኩም ሰነድ ጨረታ ካብ ከይዲ ስራሕ ዕደጋን ፋይናንስ ንብረት ምምሕደርን ከተማ ኣክሱም ክፍሊ ቁፅሪ 15 ምዉሳድ ይክእሉ።

5 ኣብ ዝቀረበ ሰነድ ጨረታ ናይ ባዕልካ ረቋሒ ስፔስፊኪሽን ምዉሳክ ይኩን ምቅናስ ምስራዝ ኣይፍቃድን።

6 ተጫረቲ ሰዓርቲ ምኻኖም ካብ ዝተገለፀሎም ኣብ ዉሽጢ 3 መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስሩ አለዎም።

7 መከበሪ ጨረታ ን መሳርሒ ፅሕፈት፣ ኣቅሑ ኤሌክትሮኒክስ፣ ሳይክልን ናይ ሳይክልን ኣቅሑ፣ ሞተር ሳይክልን ናይ ሞተር ሳይክልን መለዋወጢ 10000.00 ሽሕ ቅርሺ ፣ ኣቅሑት ህንፃ፣ ደንቢ ክዳን፣ ናይ ፅሬት ኣቁትን 3000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ ብስፒኦ ወይድማ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዝ ዝክእል፤

8 ሰዓርቲ መከበሪ ዉዕሊ 10 % ከትሕዙ አለዎም።

9 ተጫረቲ ዝሰዓርዎ ንብረት ኣብ ዉሽጢ 10 መዓልቲ ንሕትመት ከም ኣድላይነቱ ክሳብ 30 ናይ ስራሕ መዓልቲ ንብረት እቲ ንብረት ብናይ ባዕሎም መጎዓዝያ ናብ ንብረት ክፍሊ አታዊ ይገብሩ።

10 እቲ ቤት ፅሕፈት ምስ በጀት ብምጥዕዓም ውዕሊ እንትኣሰር 20 % ናይ ምዉሳክን ምቅናስን መሰለ አለዎ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ጨረታ ካብ ዝወፀኣሉ ካብ 10/07/2011ዓ/ም ክሳብ 27/07/2011ዓ/ም ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ ኾይኑ 27/07/2011ዓ/ም ሰዓት 3:30 ንጉሆ ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 4:00 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይክፈት።

12 ኣብ ዝቀርበ ሕድሕድ ገፅ ሰነድ ጨረታ ናይ ሽም ትካልም ማህተምን ፊርማን ኣድራሻን ክቀርብ ይግባእ።

13 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0347-753006/0347-751670 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle